# ብመሰረት ሕጊ ናይ ምፍላጥ መሰል ግዝያውያን ሰራሕተኛታት ማሳቹሰትስ ዝሀልወኩም መሰላት

## ትካላት ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ ብዛዕባ ስራሕኩም ዚምልከት መሰረታዊ ሓበሬታ ይህባኹም።

ትካላት ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ ብዛዕባ'ቲ ንኽትሰርሕዎ ዝምድባኹም ዓይነት ስራሕ ዚምልከት መሰረታዊ ሓበሬታ ዚሓዘ ናይ ጽሑፍ ምልክታ ንኽህባኹም ሕጊ የገድደን እዩ። እዚ፡ **ትእዛዝ ስራሕ** ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ትእዛዝ ስራሕ ብኸመይ ክውሃበኩም ከምእትደልዩ ማለት ብኢ-መይል፡ ብጾስጣ ወይ ድማ ብኣካል ኬድኩም ንኽተምጽእዎ እትደልዩ እንተኼንኩም፡ ንትካል ምቕኣጻር ሰራሕተኛ ንኽትሕብሩ መሰል ኣለኩም። ትካላት ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ እንተወሓደ ነዚ ዚስዕብ ሓበሬታ ክህባ **ይግባእ**፥

- ስም፡ ኣድራሻን ቍጽሪ ተሌፎንን ናይ፥ (ሀ) ትካል ምቑጳር ሰራሕተኛታት፣ (ለ) ኣሳላጢ ካሕሳ ሰራሕተኛታት፣ (ሐ) ኣስራሒ ቦታ ስራሕ፣ ከምኡውን (መ) ቤት ጽሕፈት ክፍሊ (DLS)፣
- መግለጺ ስራሕን እቲ ስራሕ ድማ ፍሉይ ዝኾነ ክዳውንቲ፡ መሳርሒ፡ ስልጠና ወይ ፍቓድ ስራሕ ዘድልዮ እንተኾይኑን፣
- መዓልቲ ደሞዝ፡ ናይ ሰዓት መጠን ክፍሊት ከምኡውን ክፍሊት ዝያዳ ስራሕ (ኦቨርታይም) እንተልዩ፣
- ስራሕ ዝጅምረሉ ዕለት፡ መዓልታዊ ስራሕ ዝጅምረሉ ሰዓትን ስራሕ ክውድኣሉ ትጽቢት ዝግበረሉ ሰዓትን፡ ከምኡውን ፍሉጥ እንተኾይኑ፡ እቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ንውሓት ግዜ-ስራሕ፣
- ዝኾነ መጓዓዝያ ወይ ምግቢ፡ ብትካል ምቑጳር ሰራሕተኛታት ወይ ኣስራሒ ቦታ ስራሕ ዚውሃብ እንተኾይኑ፣
- ብተቖጻሪ ስራሕ ወይ ሰራሕተኛ ዝኽፈል ዚኾነ ክፍሊት፣
- ኣብ ቦታ ስራሕ ሸበሮ እተላዕለ እንተኾይኑ ወይ እቲ ቦታ ስራሕ እተዓጽወ እንተኾይኑ፣ ከምኡውን
- ብዛዕባ ዓይነት ስራሕ፡ ምቑጳር ስራሕ፡ ውዕል ስራሕ፡ ዕማም ስራሕ ወይ ዕዮ ዚምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ ዚሓዘ ብእተፈላለየ ቛንቋታት እተዳለወ ትእዛዝ ስራሕ።

ትካል ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ ብዛዕባ'ቲ ስራሕ ዚምልከት ሓበሬታ ክህበኩም ይኽእል እኳ እንተኾነ፡ እቲ ናይ ፈለማ ክፍሊት ደሞዝ **ቅድሚ** ምውሳድኩም፡ ነቲ ሓበሬታ ብጽሑፍ ክሰደልኩም **ይግባእ**።

እቲ ዝተመደብክሙሉ ስራሕ ኣብ ዝቕየረሉ እዋን፡ ትካል ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ ምስተቐየረ ኣብ ዝቕልጠፈ ግዜ ብዛዕባ'ቲ ለውጥታት ዚምልከት ሓበሬታ ክህበኩም **ይግባእ**።

ትካል ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ ትእዛዝ ስራሕ ስለዘይሃብኹም ኣንጻር ትካል ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት ጥርዓን ንኽተቕርቡ ትደልዩ እንተኼንኩም፡ ብኽብረትኩም ብ (617) 626-6969 ገይርኩም ናብ ክፍሊ ደረጃታት ዕዮ (Department of Labor Standards) ብኽብረትኩም ደውሉ። ትካል ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ ጥርዓን ስለዘቕረብኩም ክሰጕኩም ወይ ሕማቕ ስራሕ ክህበኩም ኣይክእልን እዩ።

ሞያዊ ክእለት ኣብ ዘድልዮ ስራሕ ወይ ከም ጸሓፊ/ት ወይ ተሓጋጋዚ/ት ምምሕዳር ኴንኩም ኣብ እትሰርሕሉ ስራሕ ዝተመደብኩም እንተኼንኩም፡ ትካል ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ ትእዛዝ ስራሕ ንኽህበኩም ኣይግደድን እዩ።

## ትካላት ምቕኣጻር ሰራሕተኛታትን ኣስራሕቲ ቦታ-ስራሕን፡ ነዚ ዚስዕብ ኢሎም ክፍሊት ከኽፍልኹም ኣይክእሉን እዮም፥

- ኣብ ትካል ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት ንኽትምዝገቡ፣
- እትሰርሕሉ ዓይነት ስራሕ ንኽውሃበኩም፣
- መርመራ ዕጸ-ፋርስ፡ ካርድታት ባንክ፡ ደቢት ካርድ፡ ቮውቸር ወይ ማኒ ኦርደር፣
- ፍተሻ ሓበሬታ መዝገብ በደል ገበነኛታት ማሳቹሰትስ (CORI) ንኽግበረልኩም፣
- ክትጥቀሙ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ኣገልግሎታት መጓዓዝያ። ኣገልግሎት መጓዓዝያ ንኽትጥቀሙ እትደልዩ እንተኼንኩም፡ እቲ ክፍሊት፡ ካብ 3% ናይቲ እትረኽብዎ መዓልታዊ መሃያ ወይ እቲ ሓቀኛ ወጻኢታት፡ ካብ ሓዲኡ ዝውሓደ፡ ኪዛይድ የብሉን።
- ትሕቲ'ቲ ብማሳቹሰትስ ዝተወሰነ ዝተሓተ መጠን መሃያ
  ንኽትወስዱ ጠንቂ ዝኾነ ንመጓዓዝያ ዜጠቓልል ዝኾነ ዓይነት ኣቕሓ ወይ ኣገልግሎት፣
- ትካል ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት ወይ ኣስራሒ ቦታ-ስራሕ፡ ንስኹም ክትገዝእዎ ትደልዩ እንተዘይኴንኩም፡ ዝኾነ ነገር ካብኦም ንኽትገዝኡ ኸገድድኹም ኣይክእሉን እዮም።
- ካብ መሰል ግዝያዊ ሰራሕተኛ (Temporary Worker Rights) ክሳዕ ኣፍልጦ ሕጊ (Know Law) እተፈልየ ኣዋጅ መሃያ ማሳሹሰትስ (Massachusetts Wage Act)፡ ሰራሕተኛ ንስሩዕ ወጻኢታት ዋኒን-ትካል ኣስራሒ ሓላፍነት ክወስድ ንዚገብር ዝኾነ ስምምዕ ብሓፈሻ ይነጽግ እዩ። ከም ውጻኢቱ ድማ እቲ ምጕዳል ደሞዝ፡ ብቐንዱ ንረብሓ ሰራሕተኛ (ንሰራሕተኛ ቀንዲ ረብሓ ዚህብ ወጻኢ ገንዘብ ዝኣመሰለን ብዝሰርሖ ስራሕ ዘይጽሎ ብናጻ ኣብ ዝደለየ ግዜ ዚጥቀመሉ ገንዘብን) እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ደሞዙ ዝኾነ ገንዘብ ኪጐድል ኣይፍቀድን እዩ።

**ትካላት ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ ስራሕ ኣብ ዘይብሉ ቦታ-ስራሕ ምስዝልእኻኹም፡ ነቲ ተቐባልነት ዘለዎ ወጻኢታት መጓዓዝያ ክመልሳልኩም እየን።** እዚ ድማ ንቓል-መጠይቕ ስራሕ ኢልኩም ናብ ቦታ-ስራሕ ስለዝተላእኽኩም ንእትገብርዎ ወጻኢታት መጓዓዝያ ኣየጠቓልልን እዩ።

## ትካላት ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት፡ ከምዚ ኽገብራ ኣይክእላን፥

- ናይ ሓሶት፡ ምትላል ወይ ዜጋጊ ሓበሬታ ብፍላጥ ክህባኹም፣
- ክትኸድዎ ናብ ዘይትደልዩ ዓይነት ስራሕ ንኽትከዱ ከገድድኹም፣
- ንንብረትኩም ብምሓዝ፡ ንዓኹም ንኽመልሳልኩም ክኣብያ፣
- ንዓኹም ዘኽፍላኹም ዘይሕጋዊ ክፍሊታት ክእክባ፣
- ብመሰረት'ዚ ሕጊ ንዘለኩም መሰላት ስለዝተጠቐምኩም፡ ከሰናብታኹም ወይ ሕማቕ ስራሕ ክህባኹም፣
- ዘይሕጋዊ ስራሕ ናብ እትሰርሕሉ ዓይነት ስራሕ ክልእኽኻኹም፣
- ትምህርቲ ክምሃረሉ ኣብ ዘለዎ ግዜ ስራሕ ንኽሰርሕ ንትሕቲ-ዕድመ ክልእኻ፣
- ፍቓድ-ስራሕ ዘይብልኩም ክነሱ፡ ፍሉይ ፍቓድ-ስራሕ ኣብ ዘድልዮ ዓይነት ስራሕ ንኽትሰርሑ ክልእኻ፣

**ብዛዕባ ሕጊ ናይ ምፍላጥ መሰል ግዝያውያን ሰራሕተኛታት ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ ወይ ጥርዓን ንኽተቕርቡ፡ ብ (617) 626-6969 ገይርኩም ናብ ክፍሊ ደረጃታት ዕዮ ደውሉ ወይ ን [mass.gov/dols/epsap](mass.gov/dols/epsap) ከፊትኩም ርኣዩ።** እዚ ሕጊ'ዚ፡ ብኽፍሊ ደረጃታት ዕዮ (DLS) ዚምሓደር ኮይኑ፡ ብቤት ጽሕፈት ጨንፈር ኣኽባር ሕጊ ብቑዕ ዕዮ (Attorney General's Fair Labor Division) ድማ ኣብ ግብሪ ይውዕል። እዚ ሕጊ፡ ከምቲ ኣብቲ ሕጊ ተገሊጹ ዘሎ ን"ትካላት ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት" (ማለት፡ ግዝያውያን ትካላት) ዚምልከት እዩ።

ምልክታ ቦታ ስራሕ፥ እዚ ምልክታ ቦታ-ስራሕ፡ ብመሰረት ምዕራፍ 149፡ ክፍሊ 159C ሓፈሻዊ ሕጊ ማሳቹሰትስ (Massachusetts General Law) ዚፍጸም ኮይኑ፡ ትካላት ምቕኣጻር ሰራሕተኛታት ድማ ኣመልከትቲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን ብቐሊሉ ክርእይዎ ኣብ ዝኽእልሉ ቦታ ንኽጥቅዕኦ የገድደን እዩ።